# ኣ ሎ ና  ጌና

እዚ ብኢሰያስ ዝምራሕ: ኣብ ኣስመራ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ብሓሶት ተጠፍጢፉ ዝተሰርሐ ጉጅለ'ዩ። ኣማስያኡ ግን ሓቂ ክትሓልፎ ዘለዋ ባህርያዊ መድረኽ ስለዘሎ: ምኽሸሑ ኣይተርፎን'ዩ። መኽንያቱ ሓሶት እንተተደጋገመ: ኣብ ሓቂ ተቐይሩ ንዘልኣለም ስለዘይነብር: እታ ሓቂ ምስ ውጸት ድማ እቲ ሓሶት ክኽሻሕ ግድነት መጒታዊን ባህርያዊን ስለዝኾነ እዩ።

ሓቂ ብሰለስተ መድረኻት'ያ ትሓል። ኣብ መጀመርያ መድረኽ ሓቂ ዝተዛረበ ሰብ በቶም ሓሰውቲ ይናሾ። ኣብ ካልኣይ መድረኽ ከኣ: እቲ ሓቂ ዝዛረብ ተጻራሪ ይብዝሖ። ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ግን እታ ሓቂ <u>ግድነት ብመርትዖ ተቐባልነት ትረክብ</u>። *All Truth passes through three Stages: First, it is ridiculed, Second, it is violently opposed, Third it is accepted as self-evident -Arthur Schopenhauer (1788-1860)*

## <u>እንታይነት ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ግዜ ይወስድ'ምበር ሓደ መዓልቲ ክኽሻሕ'ዩ።</u>

እዚ ብኢሰያስ ዝዝወር ሕገ-ኣልቦ ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ: ብረቂቕ ባዕዳዊ ስለላ ተሰንዩ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ብዘይ ሕጊ: ንህዝብን ንሰራዊትን ኤርትራ: ብስቓይ ክገዝኦ ጸኒሑን ኣሎን። "ህርፋን ጸባ ዘለዎስ ጓጉድ ማይ ወድኤ" ከምዝብሃል: ገርሂኛ ህዝቢ ኤርትራ ነጻነት ብዝብል ሽፈጥ ከም ሓቂ ወሲዱ: ክሳብ ሎሚ ንጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከም መንግስቲ ተቐቢሉዎ ጸኒሑ። ብርግጽ ግን ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ካብ ብስም "ሰልፊ-ነጻነት" ዝበቐ ጀሚሩ: ሓደ መንግስቲ ክማልኦ ዝግብኦ መንግስታዊ መደብ ዕዮታት ኣማሊኡ ኣይፈልጥን። ብኣንጻሩ ግን ብውዲታዊ ሓሶትን ርኹስ ስነ-ኣእምራዊ ሜላን: ከም ቀንዲ መሳርያ እንዳተጠቐመ: ሕልና ገርሂኛ ህዝቢ መዝሚዙ: ክሳብ ሎሚ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ ጸኒሑ።

ኢሰያስ ንሜዳ ክወፍር ከሎ ጀሚሩ: ክሳብ ሎሚ ዝጥቀመለን ዘሎ: ቀንድን ረቀቕትን ናውቲ-መሳርሒ: መሰረታዊ-ሽግር *(Problem)*→ግብረ-መልሲ *(Reaction)* → መሰረታዊ-ፍታሕ *(Solution)* ዝብላ'የን። ብኻልእ ኣዘራርባ: መሰረታዊ-ሽግር ኤርትራ ዝፍታሕ: ኩሉ ውሽጣዊ ጸገማትካ ኣወጊንካ: ንቀዳማይ ጸላኢ መኪትካ ጥራይ ክነሱ: ኢሰያስ ግን ንመሰረታዊ ሽግር (ነጻነት) ህዝቢ ኤርትራ: ቀዳማይ ተርታ ሂቡ: ኣብ ክንዲ ብግቡእ ዝፈትሖ: ኮነ ኢሉ መኽንያታት እንዳምሃዘ: ብፍላይ ካብ *1973* ዓ.ም. ጀሚሩ: ነቲ ቃልሲ ኤርትራ መጢጡ ኣንዳ ኣናውሖ ዕንክሊል ከብሎ ጸኒሑ'ዩ።

<u>ንመረዳእታ:</u> ካብተን መሰረታዊ-ፍታሕ ህዝቢ ኤርትራ: ወይከኣ <u>ዓወት ወይ ነጻነት</u> *(Solution)* ብግቡእ ንኸይርከብ: ኢሰያስ ኰነ ኢሉ ከም መኽላኣያ ቃልሲ: ኣብ ሜዳ ዝጥቀመለን ዝነበረን: ገና'ውን ሎሚ ኣስመራ ምስ ኣቶ ዝጥቀመለን ዘሎን <u>3 እከይ ሜላታት</u> እዘን ዝስዕባ እየን።

*1.* መሰረታዊ-ሽግር *(Problem)* (ግቡእ ሕቶ ነጻነት ንምፍታሕ) ኤርትራዊ ንሜዳ ወፊሩ።
*2.*→ግብረ-መልሲ *(Reaction)*: ኣብ ሜዳ ዘይተጸበዮ ኣዕናዊ ግርጭታት ኣጓኒፉዎ።
*3.*→ መሰረታዊ-ፍታሕ: <u>ዓወት ወይ ነጻነት</u> *(Solution)* : ቀዳማይ ራእዪ ብኻልኣዊ ግርጭት ስለዝተተክኤ: ፍታሕ ከይተረኽበ ኣብ ኰለል ተኣትዩ።

እስከ ነዘን ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ: *3* እከይ ሜላታት ዝተመርኰሳ: ካብተን ብዙሓት: ኢሰያስን ከም ቀንዲ ሜላታት ገይሩ ዝጥቀሙለን ዝነበረን ዘሎን: *10* ዓበይቲ ሜላታት ብዝርዝር ብኸምዚ ዝስዕብ ንከታተል።

*1*ይ: ኣብ ፈለማ እዋን ሰውራ: ኣብ ግዜ ጀብሃን ሻዕብያን: ንሕናን ዕላማናን- "ኣስላም ንክርስትና ሃይማኖትና ይጸብኡ ኣለው: ምቅላስ ከልኪሎምና": ዝብል መርዛም ውዲት ምሂዙ: ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ከበሳን መታሕትን: ሕንፍሽፍሽ ዝእቱ እከይ ውዲት (ግብረ-መልሲ-*Reaction*) ኣታኣታትዩ። ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊትን ድማ: ቀንዲ መዳናገዩ ነጻነት ኤርትራ ኮይኑ ዘሎ: ማለት ነጻነት ቀልቲፉ ንኸይትመጽእ ዝዕንቅፍ ዘሎ ሽግር ሃይማኖታዊ ጸገም ገይሩ ክርዳእ ተገዲዱ። ኣብ ክንዲ ንመሰረታዊ-ሽግር *(Problem)* ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ *(Solution)* ዝድለየሉ: ኮነ ኢልካ ኣብ ጓል ነገር (ግብረ-መልሲ-*Reaction*) ኣእቲኻ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንድሕሪት ምጒታት።

*2*ይ: ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ኣብ *1973* ዓ.ም. ምሁራትን ለባማትን ደቂ-ሃገር ሓርበኛታት ዘቕረቡዎ: መሰረታዊ ሕቶ: ብግቡእ ኣብ ክንዲ ዝፍታሕ: "ኣዕነውቲ ምንቅስቓስ ነጻነት ቀልጢፉ ንኸይትመጽእ: ዕንቅፋት ፈጢሮምና ኢሉ: ንሰራዊት ሕንፍሽፍሽ ኣእትዩሉ። ነቶም ንጹሃት ደቂ ሃገር ድማ ኣሲሩዎምን ቀንጺሉዎምን። ኣብ ክንዲ ንመሰረታዊ-ሽግር *(Problem)* ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ *(Solution)* ዝድለየሉ: ኮነ

ኢ.ልካ ኣብ ጓል ነገር (ግብረ-መልሲ-Reaction) ኣእቲኻ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓሸውየ ምእታውን: ንቃልሲ ምንዋሕን።

3ይ: ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ኣብ 1977 ዓ.ም. ስነሓሳብ ኮምኒስት ንህዝቢ ኤርትራ ኣየስርሖን እዩ፣ ኣብቲ ባህልን ስርዓት እንዳቦ: ዝተመርኮሰ ስነሓሳብ ተመርኲስና ንቃለስ ኢሎም መሰረታዊ ፍታሕ ዝጠለቡ: 26 ጀጋኑ ምሁራትን ለባማትን ተቓለስቲ ደቂ-ሓማሴን: "የሚን" ዝብሃሉ ነጻነት ቀልጢፉ ንኸይትመጽእ: ተላዒሎም ዕንቅፋት ፈጢሮምና ኢሉ: ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሕንፍሽፍሽ ኣእትዩሉ ቀንጺሉዎም። ኣብ ክንዲ ንመሰረታዊ-ሽግር(Problem) ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ (Solution) ዝድለየሉ: ኮነ ኢ.ልካ ኣብ ጓል ነገር (ግብረ-መልሲ-Reaction) ኣእቲኻ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓሸውየ ምእታውን ምንዋሕን።

4ይ: ብ1977 ዓ.ም. 90% ከተማታት ኤርትራ ነጻ ወጺኤን ከብቅዓ: ኣብ መንጎ ጀብሃን ሻዕብያን ኮነ ኢ.ልካ ዝተማህዘ ኣከይ ግርጭት: ብህልኸን ቅርሕንት መራሕቲ ሻዕብያን ጀብሃን: ነጻ ወጺኤን ዝነበራ ከተማታ ኤርትራ ኣንደገና ኣብ ቍጽጽር መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣትየን። ኣብ ክንዲ ንመሰረታዊ-ሽግር(Problem) ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ (Solution) ዝድለየሉ: ኮነ ኢ.ልካ ኣብ ጓል ነገር (ግብረ-መልሲ-Reaction) ኣእቲኻ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓሸውየ ምእታውን ምንዋሕን።

5ይ: ብ1978 ዓ.ም. ሰሜን ኣሜሪካ ዝነበሩ ብማሕበር ተማሃሮ ኤርትራውያን: ነቲ ሽው ብሰንኪ ክልተ መሪሕነታት ጀብሃን ሻዕብያን ዝተፈጸመ: ውዲታዊ ምንስሓብ ብምኽንያት: "ክዳዕ መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ: ኢሎም ምስ ተላዕሉ: ኣብ ክንዲ ንመሰረታዊ-ሽግር(Problem) ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ (Solution) ዝድለየሉ: ኮነ ኢ.ልካ ኣብ ጓል ነገር (ግብረ-መልሲ-Reaction) ኣእቲኻ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓሸውየ ምእታውን ምንዋሕን ተቐንጺሎም።

6ይ: ድሕሪ ምንስሓብ ካብ ከተማታት ኤርትራ: ክልቲኡ ውድባት (ጀብሃን ሻዕብያን): ነቲ መሰረታዊ-ሽግር (Problem) ኣብ ክንዲ ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ (Solution) ብምድላይ: ጀብሃ ከይሓቐቐት ወይ ሻዕብያ ከይሓቐቐት ዓወት ኣይርከብ'ንዩ ካብ ዝብል ኣከይ ዕላማ: ከቢድ ዅናት ሕድሕድ ተወሊዑ። 40 ሽሕ ዝኸውን ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ብልፍንቲ ብመራሕቲ ሻዕብያን ወያኔን ጀብሃን: ንሓዳይ-ኰረኰን ተኸብኪቡ ኣትዩ።

7ይ: ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንሜዳ ኤርትራ ምስ ብሓቶ: ብዙሓት ደለይቲ ሓርነት ዓበይቲ ካድረታትን ሓርበኛታትን: ከም ብዓል ሰለሙን ወልደማርያምን ኣብራሂም ዓፋን ወዘተ..ብረቂቕ ስልቲ ተቐንጺሎም። ኣብ ኩሉ ዓድታት ኤርትራ ድማ ዓበይቲ ዓድን ለባማትን: ጽልዋ ዓማ ኣለዎም ኣንዳተባህሉ ብጸልማት ከካብ ገዛውቶም ኣንዳተኣርዩ ጸኒቶም። ኣብ ክንዲ ንመሰረታዊ-ሽግር(Problem)ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ (Solution) ዝድለየሉ: ኮነ ኢ.ልካ ኣብ ጓል ነገር (ግብረ-መልሲ-Reaction) ኣእቲኻ: ነቲ ቅዱስ ዓላማ ህዝቢ ኤርትራ ህዝቢ ከምዝፍንፍኖ ገርካ: ንረብሓ ባዕዳውያን ሓይልታት ቦታ ምጥጣሕ።

8ይ: ብ1986 ክሳብ 1990 ዓ.ም. ነቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝብል ዝነበረ ቅዱስ ዓላማ ቀይርካ: በቶም ታኒካ ማይ ዘየቐበሉ ሃዋርያት ሲ.ኣ.ይ.ኤ. ዝኾኑ ከም ብዓል የማነ ማንኪን ሓጐስ ክሻን ወዘተ..: ጒጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ተመስሪታ። ኣብ ክንዲ ንመሰረታዊ-ሽግር(Problem)ብውህደት መሰረታዊ-ፍታሕ(Solution) ምምጻእ: ሕገ-መንግስትን ህዝባዊ መንግስትን ገና ኣብ ሜዳ ከለኻ: መሰረትትካን ተዳሊኻን ንኣስመራ ምእታው: ኮነ ኢ.ልካ ግብረ-መልሲ-Reaction) ፈጢርካ: ነቲ ቅዱስ ዓላማ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብርዒንካ: ህዝቢ እንዳውዓለ እንዳሓደረ ዝፍንፍኖ ግን ከኣ ንረብሓ ባዕዳውያን ዘገልግል ፓርቲ ምምስራት።

9ይ: ብ1991 ዓ.ም. ኤርትራ ነጻ ወጺኣ ተባሂሉ ምስተኣወጀ: ንመሰል ህዝቢ ዝተጣበቁ ሃርበኛታት ተጋደልቲ ተኣሲሮምን ተቐንጺሎምን። ስለምንታይ? ኣብ ክንዲ ብውህደት ምስቶም ፍትሕን ህዝባዊ መንግስትን ዘጠለቡ ተጋደልቲ ኢሂን-ምሂን ኢ.ልካ: ንመሰረታዊ-ሽግር (Problem) መሰረታዊ-ፍታሕ (Solution) ትገብረሉ: ዋላ ትንፈር በጊዕ'ያ ኢ.ልካ: ተጋደልቲ ከዲያም እንዳብልካ ኣብ ጓል ነገር (ግብረ-መልሲ-Reaction) ኣእቲኻ: ካብ 3.500 ንላዕሊ ተጋደልቲ ተኣሲሮም ተቐንጺሎም ድማ። ኣብ 1994 ዓ.ም. ከኣ ጥይት ዝፈንፈኖም ኣካለ ስንኩላን ማይ-ሓባር: ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ኢሎም ምስ ተላዕሉ ብጥይት ተቘልዮም። ስለምንታይ? እዚ ውዲት'ዚ ድማ: ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ተቓሊሱ ዘምጽኦ ዓወት ኣብ ክንዲ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ኣኤርትራ ዝውዕል: ንረብሓ ባዕዳውያን ሓይልታት ንምቕያር ዝዓለመ ጥራይ እዩ ነይሩ።

10ይ) ቅዋም መንግስቲ ኤርትራ ምስተነድፈ ድማ: ከይጸደቐ ተሪፉ። ብጒጅለ 15 ዝፍለጡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ህ.ግ.ሓ.ኤ "ሕጊ ይጽደቕ ህዝባዊ መንግስቲ ይመስረት" ስለዝበሉ: ብዘይ ፍርዲ ተኣሲሮም

መብዛሕትኦም ሞይቶም ውሑዳት ድማ: ገና ክሳብ ዝሞቱ ተኣሲሮም ኣለው። ስለምንታይ ኢሰያስ ዝዓበየ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ፍትሕ ከይረኸበ: ሓደሽቲ ሽግራት ከምዝምሃዘ እምብኣር ርኢና። ነዚ ኵሉ ፍጻሜታት ፈጺሙ ግን ሎሚ ኣብ እስመራ: ሕገ-ኣልቦ ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝረቐቐ ስለላ እንዳ ኣካየደ: ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘርምዘርሞ ኣውዲቑዎ ከምዘሎ: ማንም ወዲ ሃገር ዘይስትሕቶ ውድዓዊ ሓቂ'ዩ።

እስከ ነተን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ: ከም ቀንዲ ዕማማቲ ወሲዱ: ዘተግብረን ዘሎ መደብ-ዕዮታቱ ነስተብህለለን። ንጀጋኑ ኣንዳ ኣጽነተ: ንህዝቢ ኣንዳጨቈነ: ኣሞኽኣ "ዓወት ንሓፋሽ" ኣንዳጨረሐ: ከም'ዚ ዝፍጽም መንግስትስ: ብሓቂ ወዲ-ሃገር መንግስቲ'ዶ ይመስል? እስከ ፍረዱ።

ሀ) ንህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ትግራይ ኣባኢስካ: ብኣንጻሩ ግን ንህዝቢ ኤርትራ ብሕሱም ምግዛእ።
ለ) ንህዝቢ ኤርትራ ባህሉ ቀንጢጥካ: ሃይማኖቱ ግሂስካ: መንነቱ ከምዘጥፍእ ምግባር።
ሐ) ኣብ ውሽጢ ሃገር ንደቂ ሃገር ኣጽኒትካ: ደቀ-ኣርብዓ መልሚልካ ስዓብቲ ምጥራይ።
መ) ንህዝቢ ብኽብዱ ሒዝካ: ንመንእሰይ ወለዶ ኣጽኒትካ: ንኤርትራ ህዝቢ-ኣልቦ ምግባር።
ሰ) ንግድን ሸቐጥን ገቢትካ: ንህዝቢ ካብ ኣፉ ኣንዳመጠልካ በትኽ ምግባር።
ሸ) ኵምራ ውሽጣዊ ሽግር ገና ከይተፈትሔ ከሎ: ብጉዳይ ሱዳንን የመንን ዶባዊ ግርጭት
ባድመን ቀዳማይ ግርጭት ወሲድካ: ውቅያኖስ ነጢርካ ኣብ ጉዳይ ሶማል ኮንጎን ዕንክሊል ምባል።
በ) ኣብ ክንዲ ምስ ደቂ ሃገር ምልዛብ: ምስ ስለላ መርበባት ባዕዳውያን እንዳተማኽርካ: ንህዝቢ ኤርትራ
ነቲ ንፍርቂ ዘመን ዝወሰደ መዘና ዘይብሉ ሰውራዊ-ቃልሱ ከምዝርስዕ ምግባር።

<u>መተሓሳሰቢ</u>

"ነዚ ክትጥሕና ዲኽን ትርህጻ" ከምዝብሃል: ህዝቢ ኤርትራ'ምብኣር ሎሚ: ብሰንኪ <u>ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ሎሚ</u> ዘይ ኢዱ ረኺቡ ምኣዝኑ ዝሰሓተ ህዝቢ ኮይኑ ኣበይ ገጹ ከምዝጕዓዝ ሓርቢቱዎ ኣሎ። እሞ እዞም ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ጀጋኑ ደቂ ኤርትራ ዝተሰዋኡን ዝተቀንጸሉን ዝተኣስሩን: ተኣሲሮም ዘለውን: ብሕጂ ድማ ገና ዝእሰሩ ዘለው'ንሲ ነዚ ዓስቢ ኣዝ'ዮም።

ስለዚ ህዝቢ ኤርትራን: ሰራዊት ኤርትራን: ኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋን: እዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብሕገ-ኣልቦ <u>ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.</u> ዝካየድ ዘሎ ሰባብ ወፍሪ: መሰረታዊ-ፍታሕ *(Solution)* ዘይምጽእ: ብኣንጻሩ ግን **ንህዝቢ ኤርትራ** <u>ኣብ ሽተኸ-በተኸ ዘሎካ ብተኸ</u> ኣጥሒሉ: መሃነኑ ኣጥፊኡ መንነት ኣልቦ ንኽገብሮ ይኽእል ከምዘሎ ተገንዚቡ: ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮኡ ተማሂሩ: ብውህደት ክምክቶ ክልዓል ሕጂ መድረኽ ይጠልቦ ኣሎሞ: ሃየ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰልካን ንመንነትካን ተላዓል።

<u>ኣብ ዝቕጽል ሓተታና:</u>

ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራኸ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ: ኣበይ ገጾም ይጕዓዙ ኣለው? ዝብል ኸቕርብ እዩ።